## ፍኖተ መስቀል መበል 13 ምዕራፍ

The 13th Station of the Stations of the Cross commemorates the moment when Jesus is taken down from the cross and placed in the arms of His Mother, the Virgin Mary. This event, though not explicitly detailed in the Gospels, is based on tradition and reflects the deep love and tenderness of Mary for her Son. It invites believers to reflect on the significance of Mary's role in the redemptive work of Christ and the profound impact of His sacrifice.

**መበል 13 ምዕራፍ ፡ እግዝእትነ ማርያም ናይ ጎ.ኢ.ክ. አስከሬን አብ ኢዳ ከም ዝተቐበለት ዘዘኻኽር እዩ። እዚ ምዕራፍ ወላ እኳ ብግሉጽ አብ ወንጌል ብንጹር እንተ ዘይተገልጸ አብ ትውፊትን አብቲ ማርያም አብ ሓደ ወዳ ዝነበራ ዓሚቕ ፍቕሪ ዝተመስረተ እዩ። እዚ ዘዘኻኽረና ኸአ ተራ ማርያም አብ ናይ ድኅነት ስራሕ ክርስቶስ ወዳ ዘምጽአልናን መሰረታዊ ጽልዋ መስዋዕትነቱ ዘምጽኦን ይገልጸልና። አብ ካቶሊካዊ አምልኾ ናይ እዚ ባህሊ ብዓቢ አብ ስነ ጥበብ ይዝውተር ነሩ። ንአብነት እታ ዝውትርቲ ብሚካኤል አንጀሎ ዝቐረበት ፐየታ Pieta እትብል ዝበለጸት ማርያም ንወዳ ካብ መስቀል ምስ ወረደ ክትቅበሎ እንከላ ዘርኢ ስእሊ ነቲ ዝወረደ ቃንዛን ናይ እዚ እዋን ዘምጽኦ ድንጋጼን ጦብላሕታን ብንጹር ይዛረብ።**

**ማርያም ሞት ወዳ ከም ሓደ መስዋዕቲ ዘዕርግ ደው ኢላ እያ አዕሪጋቶ። ነቲ ኹሉ ዝኽእል አምላኽ ብምሉእ እምነት ሕራይ ስለ ዝበለቶ እዚ እውን ክፍሊ ናይ እቲ ሕራይ ዝበለቶ ኮይኑ፥ ሬሳ ወዳ አብ ሕውቕፋ ክትቅበሎ እንከላ ዝስምዓ ቃንዛን ሓዘንን ኩልና እንግንዘቦ እዩ። እዚ ምዕራፍ ነቲ ምእንታና ዝሞተ ኢየሱስ ክንሓስብን አብ ሕይወትና ንሞቱ ብላሽ ዝገብር ከይንገብር ዘዘኻክር ምዕራፍ እዩ።**

**ንኢየሱስ አብ ሕይወትካ አብ ኩሉ ጉዕዞኻ ተቐቢልካ ምኽአል የድሊ። ንሕና ነቲ ምእንታና አብዚ ዓለም ዝመጽአ ንእና ዝመሰለ አብ ዓዲ ፍልስጢኤም ዝዞረ ዝምሃራ ትአምራት ዝገበረ ሕሙማት ዘሕወየ ሙታት ዘተንሥኤ አብ መጨረሻ ምእንታና ከቢድ ውርደት ብዝመልአ ግፍዒ ዝተሳቐይ ዝተሰቕለ ዝሞተ ዝተንሥአ ኢና እንቕበል።ሕይወት ኢየሱስ ብምልኡ ኢና እንቕበሎ።**

**13 ምዕራፍ ናይ ቃንዛን ፍቕርን ተስፋን እዋን አብ ካቶሊካዊ ትውፊት ተባሂላ ክትጽዋዕ ይክአል። ፍኖተ መስቀል ንባዕሉ ሓደ ካብቲ መሰረታውን ስምዒትካ ዘለዓዕል አምልኾ እዩ አብ ካቶሊካዊ እምነት። ነቲ ክርስቶስ ምእንቲ ድኅነትና ኢሉ አብ ጉዕዞ ቀራንዮ ዝፈጸሞ ዝተጓነፎ ክንዝክርን ክነስተንትንን ከሎና ፍሉይ መንፈሳዊ ስምዒት እዩ ዝመጸና። ንድንግጽ ሰባት ክንደናይ ንጭክን ክንርኢ ንኽእል፥ ብኡ አቢልና ኸአ ናይ ነፍሲ ወከፍና ታሪኽ እንታይ አሎ ክንብል ንኽእል።**

**አብዚ ፍኖተ መስቀል ነተን ናይ መጨረሻ መዓልታት አብ ሕይወት ኢየሱስ ካብታ ዝተፈርደላ ክሳብ አብ መቓብር ዝተፈጸመ ኩሉ በብሓደ ነስተንትን። ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ነቲ ናይ አምላኽ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሪ አብ ደቂ ሰብ ዘለዎ እዩ ዝገልጽ። መበል 13 ምዕራፍ ፍሉይ ውሽጣዊ ስምዒት አብ ነፍሲ ወከፍና ትፈጥር፥ ሰውነት ኢየሱስ ካብ መስቀል ምስ ወረዳ አብ አእዳዊ አዲኡ ክወርድ እንከሎ ፍሉይ ስምዒት ይፈጥር። ወዳ ዝሞታ አደ አሽንካይ ክትሓቕፎ ክትርእዮ እንከላ እውን አይትኽእሎን እያ። ስለዚ እዚ ሎሚ ነፍሲ ወከፍና ንኢየሱስ አብ አእዳውና አብ ልብና ክንቅበሎ እሞ ተኻፈልቱ ስቓዩ ክንከውን የዘኻኽረና።**

ንኢየሱስ ተኻፊልቱ ስቓያቱን ሞቱን ክንብል እንከሎና ፩ያ ገዛእ ርእስና ካብ ኃጢአት አንጺሕና ብምሉእ ምስኡ ክንወሃሃድ። ፪ይ ነዚ ዓቢ ናይ ድሕነት ፍጻሜ ንኻልኦት ክነግር እሞ ተረዲእዎም ንሶም እውን አብ ምንጻሕ ሕይወቶም ክፍመዱ ምሕጋዝ።

እዚ እዋን ብርቱዕ ሓዘንን ምድንጋጽ ዝተራእየሉ እሞ ንነፍሲ ወከፍና አብ ስቓይ ኢየሱስ ጥራሕ ክነተኩር ዘይኮነ ተራ ማርያም አብ ናይ ድኅነት ስራሕ አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍናን ከመይ ገሩ ንዓለምና ግሉጽ ይኸውን ኢልና ክንሓስብ ዘዘኻኽር እዩ።

## መንጭን ታሪኽ ናይ መበል 13 ምዕራፍ።

አቐዲመ ከም ዝበልክዎ ናይ እዚ ምዕራፍ ምንጪ ካብ ትውፊት ቤተ ክርስትያንን ካብቲ ብርቱዕ አምላኽ አብቲ ኢየሱስ ምእንቲ ድሕነትና ኢሉ ዘወፈዮ ናይ አብ ምስትንታን ዝመጽአ እዩ። ኢየሱስ ብርግጽ አብ መስቀል መይቱ ካብ መስቀል ቅዱሳት ዮሴፍን ኒቆዲሞስን አውሪዶሞ። ማርያም አብኡ ስለ ዝነበረት ወላ እኳ እቲ ዝኾነ ቃል ንቃሉ አይነገረና ንሬሳ ወዳ ከም ዝሓዘቶ ዝሓቖፈቶ ክንግምቶ ንኽእል። አብ ወንጌል የለን ኢልካ ሸለል እትብሎ አይኮነን። ቤተ ክርስትያን ከአ ንዘመናት ንአምላኾን አስተንትኖን ኢላ ተዘውትሮ አላ።

ፍኖተ መስቀል አብ ማእከላይ ክፍለ ዘመን ነጋድያን አብ ኢየሩሳሌም ምስ በጽሑ ነቲ ጎ.ኢ.ክ። ምእንታና ኢሉ ዝተጓዕዞ ናይ ቀራንዮ ጉዕዞ ንምስትንታን ኢሎም ዝጀመርዎ እዩ Via Crucis።አብ ኢየሩሳሌም ምስ በጽሑ በታ ኢየሱስ ዝተጓዕዛ እና አስተንተኑ ይከዱ ነሮም፥ ክሳብ አብዚ እዋን እውን ይግበር እዩ። ቀስ ብቐስ አብ ኩሉ ብፍላይ አብ ምዕራባዊ ዓለም ክዝርጋሕ ጀሚሩ አብተን 14 ምዕራፋት ብዕምቆት ከስተንትኑ ጀሚሮም። ቅ. ዮሓንስ ጳውሎስ ንመበል 15 ምዕራፍ ወሲኾምሉ።

እምብአር መበል 13 ምዕራፍ ወላ እኳ ቃል ንቓሉ አብ ወንጌል አይንርከቦ አብ ትውፊትን አብ ዓሚቅ ናይ ማርያም አኽብሮት ብቤተ ክርስትያን ዝተመስረተ እዩ። አብ ዮሓ 19፡38 ኢየሱስ ምስ ሞተ ዮሴፍ ብዓል አርማትያስ ብሕቡእ ወደ መዝሙሩ ዝነበረ ሥጋ ኢየሱስ ክወስስድ ንጲላጦስ ከም ዝለመነ ንረክብ። አብ ካተሊካዊ ትውፊትና ሬሳ ኢየሱስ ከመይ ኢሉ ካብ መስቀል ከምዝወረደን ማርያም አብ ሕቑፉ ክግለጽ ብዘይክአል ፍቕሪ ከም ዝተቐበለቶ ይነግረና።

እዚ አብ ሕቕፊ ምቕባል ዝብል ብብዙሓት አብ ታሪኽ ተስተንቲኑ ብዙግብኡ ተጻሒፉ። ሓደ ካብቲ ዘደንቕ ስነጥበብ ናይ ሚካኤል አንጀሎ ዝገበሩ ብPieta (Pity, compassion ምድንጋጽ) እትፍለጥ አደናቒት ምስሊ አብ ዓለም እያ። አብዚ እዋን አብ ቤተ ክርስትያን ቅ. ጴጥሮስ ትርከብ። ብዙሓት ቅዱስናን ጸሓፍቲ ነቲ ማርያም ንሬሳ ወዳ ክትቅበል እንከላ ዝወረዳ ሓዘን ይገልጹ። ከም ወላዲት ከቢድ እዩ ግን ብሓዘና አብ ስቓይ ወዳ ተሳቲፋ በዚ አብ ድኅነት ኩልና ተሳቲፋ ንብል። አብዚ ናይ ማርያም ሬሳ ወዳ ምቕባል ክነስተንትን ከሎና ዘዘኻክሮ ወላ አብ ብርቱዕ ሓዘን እንከሎና ኲኖ ስቓይ ጓሂ ዝርአ ፍቕሪ አሎ። ማርያም ነዚ እያ አርእያትና። አብ ሞት ወዳ ተስፋ ቍርጸት ዘይኮነ ኲንኡ ዘምጽኦ ጸጋን ድኅነትና ርእያ አምሂራትና።

ብርግጽ ሞት ናይ እነፍቅሪ እሞ ብጨካን ሞት ክፍለየና እንከሎ ክንቅበሎ ካብኡ እውን ጽቡቕ ክንሓስብ ከቢድ እዩ ግን ሞት ኢየሱስ ብዙሕ እዩ አሚሂሩና። አብ ከቢድ እዋን ክወርድ እንከሎ ክንገብሮን ክንኮኖን ዘሎና ይነግረና። ኲኖ ሓዘን ስቓይ ካልእ ነገር ከም ዘሎ ሓሲብና ተስፋ ከይንቖርጽ። ከምኡ አብዚ ከቢድ እዋን ናትና ሱኣፌ ክህሉ ከምዘለዎ ክንሓስብ።

## ትምህርቲ መለኮታዊ ትርጉም ናይ እዚ እዋና።

መበል 13 ምዕራፍ ናይ ምሕዛን ናይ ጓሂ እዋን ጥራሕ አይ ኮነን እንታይ ድአ መሰረታዎ ዓሚቕ ተሎጋዎ ትምህርቲ ዝሓዘ እዩ። ቤተ ክርስትያን ክልተ መሰረታውያን ሓቅታት ክነስተንትን ትዕድመና፡

1. ናይ ክርስቶስ መስዋዕቲ ናይ ድኅነት መስዋዕቲ Redemptive Sacrifice of Christ. ሬሳ ኢየሱስ ካብ መስቀል ክወርድ እንከሎ መጨረሻ ናይ ድኅነት ስርሑ ይገልጸልና። መዛዘሚ ናይ እቲ ኩሉ ምእንቲ ድኅነትና ዝገበሮ ይገልጸልና። ቅ. ጳውሎስ ነዚ አብ መልእክቲ ናብ ሰብአ ሮሜ ገሊጹ ይነግረና፡ ግናኸ ንሕና ገና ኃጥአን ከሎና ክርስቶስ አብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፥ አምላኽ እታ አባና ዘላቶ ፍቕሪ በዚ የርኢ አሎ (ሮሜ 5፡8)። መስቀል ዝልዓለ መግለጺ ፍቕሪ አምላኽን ከምኡ አብ ሬሳ ኢየሱስ ክነስተንትን ከሎና እንዝክሮ ሞቱ ብላሽ አይ ኮነን፥ ምእንቲ ድኅነትና ዝተኸፍለ ዋጋ እዩ።

2. ተራ ማርያም አብ ድኅነትና Mary’s Role in Redemption. ማርያም ከም ማንም ተዓዛቢት አይ ኮነትን አብ ጊዜ ሕማማት ወዳ። ምስኡ ኮይና አብ ድኅነትና ትውፊ ነራ፥ ንሳ ብገዛእ ፍቓዳ አብቲ ምእንቲ ድሕነት ኩልና ዝውፈ ዝነበረ ስቓይ ተኻፊላ እዚ ኸአ ካብታ መልአኽ አደ አምላኽ ክትከውን ካብ ዝንገራ ዝጀመረ እዩ። ንሳ ንሬሳ ኢየሱስ አብ ሕቕፉ ክትቅበሎ እንከላ ንሕና እውን ንስቓይ ብእምሉእ እምነት ክንጸውር ከምዘሎና ትምህረና። አብ ኅቦ ቀራንዮ ሕራይ ዝበለቶ ነቲ አብ መጀመርያ አብ ናዝሬት ሕራይ ዝበለቶ እዩ ዘስምዕ፥ እዚ ኸአ ንሕና ወላ አብቲ ጽንኩር እዋን ከመይ ኢልና እምነትና ክነርኢ ከምዘሎና ትነግረና።

እዛ መበል 13 ምዕራፍ ምስ ዘመና ዝከይድ እንታይ አለዋ።

እዋና ዘላ ዓለም መለልይአ ስቓይ ዓመጽ ዋሕስ ዘይብሉ ሕይወት ዝሓዘት አብ ዘላቶ እዛ መበል 13 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ዓሚቕ መልእኽቲ አልአ።

1. ቃንዛ መወዳእታ ቃል የብሉን (ስቓይ መወዳእታ አይኮነን) Pain Does Not Have the Final Word. ከም ማርያም ብዙሓት ካባና ከቢድ ቃንዛ ዘሕለፍና ክንከውን ንኽእል ኢና፥ ናይ ሓደ እነፍቅሮ ሞት፥ ሕማም፥ ክሕደት ወይ ግላዊ ከቢድ ጸገም ዘሕለፍና ክንከውን ንኽእል ኢና። ስእሊ ማርያም ሬሳ ወዳ ሓቝፋ እንከላ ዘርኢ ወላ እኳ እቲ ቃንዛ ሓቂ እንተ ኾነ ግን መወዳእታ መጨረሻ አይ ኮነን። ትንሣኤ ቀሪቡ አብ ጥቓና ዘሎ አንጎሎ አሎ ምኽንያቱ ናይ አምላኽ ፍቕሪ ኩሉ ጊዜ ምስ አሸነፈ እዩ። ስቓይ ንክርስትያን መወዳእትኡ አይ ኮነን።

2. ናይ ማኅበር ጥቕሚ The Importance of Community. ዮሴፍ ብዓል አርማትያስን ኒቆዲሞስን ካብ መስቀል ንሬሳ ኢየሱስ ዘውረዱ ዘዘኻኽረና ወይ ዘስተምህረና ሰባት አብ ጽንኩር ኩነታት እንከለዉ ምስኦም ምህላው ዘለዎ ጥቕሚ የርእየና። አብዛ ንበይነይ ብግለይ ዝብል ግላዊ ሕይወት ጥራሕ ዝበዝሓ ዓለም እዚ ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ሓገዝቲ ክንከውን ከም ዘሎና፥ ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት አብ ጓህን ዝቓይን ዘለዉ ክንሕግዞም፥ መጋበርቲ ምጽንናዕን ሓገዝትን ክንከውን ገሊጹ ይነግረና።

3. ክብረት ሰብአዊ ሕይወት The Dignity of Human Life. እቲ ሬሳ ኢየሱስ ዝተዋህቦ ክብረት ዘዘኻኽሮ ሕይወት ዝኾነ ሰብ ክቡር ከምዝኾነን ከመይ ኢልና ክብረት ሰብ ክንሕሉ ከምዘሎና ዘዘኻክር እዩ። እዚ ኸአ ካብ አብ ማኅፀን አደ ክሳብ ጊዜ ሞት እዩ። አብዚ ሕማቕ ዘመን ሕይወት ወዲ ሰብ ተዋሪዱን ክብረት ኀዲልዎ አብ ዘለዎ ዓለም

ነፍሲ ወከፍና ኣብ ምክልኻልን ክብረት ሕይወት ሰብ ክንቃለስ ከም ዘሎና ኣጥቢቑ ይነግረና።

**ንሎሚ ዝኸውን መንፈሳዊ መምርሒ** A Spiritual Guide for Today.

ከመይ እንተ ገበርና ኢና ነዛ መበል 13 ምዕራፍ ኣብ ሕይወትና ክነብራ እንኽእል።ብኸምዚ ዝስዕብ ክንርእዮ ንኽእል።

- Accept Pain with Faith. ምስ እምነት ቃንዛ ተቐበል። ከም ማርያም ንቃንዛና ክንቅበሎን ናብ ኣምላኽ ክነወፍዮን ኣሎና። እዚ ኸኣ ኣብ ጽቡቕ ክንቅይሮ እምነት ብምግባር እዩ።ብዝወረደና ኣማሪርና ተጨኒቕና እነምጽኦ የብልናን። ስቓይና ከም መስዋዕቲ ምስቲ ናይ ክርስቶስ ንጸንብሮ ሽዑ ምሕረት ምጽንናዕ ከምጽኣልና እዩ።
- ኣጸናናዒ ኩን።Be Comforters. ኣብነት ዮሴፍ ብዓል ኣርማትያስን ኒቆዲሞስ ብምስዓብ ምስቶም ኣብ ከቢድ ስቓይን ቃንዛን ዘለዉ ኣብ ጎኖም ብምዃን ክነጸናንዖም ንኽእል።ንእሽቶይ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ዓቢ ፍልልይ ክተምጽእ ትኽእል እያ። ማለት ንሓደ ኣብ ከቢድ ጸገም ንዝርከብ ተስፋ ዝህብ ጽቡቕ ነገር ክነገብር ከሎና ዓቢ ለውጢ ኣብ ሕይወቶም ክነምጽእ ንኽእል።
- ኣብ መስቀል ነስተንትን። Reflect on the Cross. መስቀል ምልክት ቃንዛ ስቓይ ጥራሕ ኣይ ኮነን ናይ ፍቕሪ ምልክት እውን እዩ። ኣብ ሕማማት ክርስቶስ ክነስተንትን እንከሎና ኣብ ጊዜ ቃልስና ንበይንና ከምዘይ ኮና ክንዝክር ይሕግዘና። ኣብ መስቀል ኣስተንቲኑ ዝኽኣለ መጻኢ ዓወቱ ርእዩ ዝኽኣለ እዩ።

**መደምደምታ፡ ናይ ዘለዓለማዊ ፍቕሪ ህሞት።**

መበል 13 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ተሪር መዘኻኸሪ ወላ ኣብ ኣብ ዝጸልመተ ህሞት ፍቕሪ ኣምላኽ በሩሁ የንጸባርቕ። ማርያም ንሬሳ ወዳ ሓቝፋ ኣብ እነስተንትነሉ ክንኣምን ንዕደም ብመስቀል ኣቢልና ኣብ ትንሣኤ ክንበጽሕ ንኽእል።

እዚ ምዕራፍ ብእምነት ብተስፋን ብፍቕርን ክነብር የበራትዓና፥ ነዚ ብምዝካር ከምቲ ቅ. ዮሓንስ ዘመስቀል ከምዝበሎ ኣብ ምውዳእ ሕይወትና ኣብ ፍቕሪ ዝነበረና እዩ ዘፍርደና። ከምኡ ኣብ ክርቶሳዊ ፍቕሪ ንቅድሚት ቀጺልና ወላ እቲ መገዲ ዝኸበደን ዝበርትዐን ይኹን ክንከይድ የበርትዓና ።

ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩን ፆር ዝኸበደኩምን ናባይ ንዑ ኣነ ኸኣ ከዕርፈኩም እየ (ማቴ 11፡ 28)።

እምብኣር ነዛ መበል 13 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ተረዲእና ንኢየሱስ ኣብ ሑቕፍና ኣብ ልብና ክንቅበሎ ተኻፊልቱ ስቓዩን ሕማሙን ኮና ኣብ ጸጋ ኣብ ምሕረትን ሕድገትን ክንእቱ ንጽዓር። ምስ ማርያም ኮና ነቲ ምእንታና ዝሞተ ወዳ ንቀበሎ። ተቐባሊት ሬሳ ወዳ ምእንታና ምዃኑ ስለ እትፈልጥ ንሕና እውን ብምሉእ እምነት ክንቀርብ ከሎና ትቕበለና እያ። ሞት ወድኺ ድሕነት ኣምጺኡለይ እዩ እሞ ክለብሶ ክኣምኖ ሓግዝኒ ንበላ ነዚ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ